## ኣባ መንግስተኣብ ብርሃነ፡ ሓላፊ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣስመራ፡ ካብ ማእሰርቲ ብመጠንቀቕታ ተለቒቑም

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
### 29.11.2008

መንግስቲ ኤርትራ፡ ንሃይማኖታዊ ትካላት ቀዋምን ተንቀሳቓስን ንብረትኩም ኣመዝግቡ፣ ምንጪታት ገንዘብኩም ሓብሩ እናበለ ከጻብበሎም ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። እተን ሃይማኖታዊ ትካላት፡ በዚ ሕጉሳት ስለዘይኰና፡ ነቲ መምርሒ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ክቃወምኦ ምጽናሐን ውን ዝፍለጥ ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኣደዳ ማእሰርትን ምጕብዕባዕን ይኹኑ ኣለዉ።

ኣባ መንግስተኣብ ብርሃነ፡ ሓላፊ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ኣብ ኣስመራ፡ ካብ 23.10.2008 ክሳብ 23.11.2008 ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ተኣሲሮም ድሕሪ ምጽናሕ፡ ድሕሪ ናይ ሓደ ወርሒ ማእሰርቲ ብመጠንቀቕታ ከምዝወጹ፡ ኣብ ኣስመራ ዝርከቡ እሙናት ምንጪታት ኣረጋጊጾም።

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እትዳሎ ዝነበረት መጽሔት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ፡ ሕታም ቊ.81 ናይ ጥቅምቲ-ሕዳር 2007 ምስ'ዚ ዝዛመድ፡ ነዚ ዝስዕብ ሓተታ ኣቕሪባ ነይራ።

### ምብራር 14 ካቶሊክ ሚስዮናውያን ተጠኚኡ ዝጸንሐ'ዶ ወይስ ሓድሽ ውዲት

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ብ17 ሕዳር 2007 14 ናይ ካቶሊክ ቤተ-ክርስትያን ሚስዮናውያን ካብ ኤርትራ ክባረሩ ወሲኑ። ገለ ካብኦም ድሮ ኣብ ኣውሮጳ ምብጻሖም ተፈሊጡ ኣሎ። እቶም ካብ ኤርትራ እተባረሩ ሚስዮናውያን ኣብ ከተማ ሮማ ድሕሪ ምብጻሖም ጋዜጣዊ መግለጺ ገይሮም ነይሮም። ነዚ ኣመልኪቱ ዋና ጽሓፊ ናይ'ቲ ማሕበር ሚስዮናውያን (ካምቦኒ)፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንኤርትራ ካብ ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብ ምንጻሉን፥ ንኤርትራ ርስዕቲ ሃገር ምግባሩን ከምዘሕዘኖ ገሊጹ።

እቶም እተባረሩ ሚስዮናውያን ከኣ፡ “ዝኾነ ይኹን ሰብ፡ ኣብ ኤርትራ ምንባር ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኰይኑዎ ኣሎ” ክብሉ ኣብ ዝሃብዎ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሮም። ቀጺሎም፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንኹሉ ንጥፈታታት ዋላ ውን ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት ከይተረፈ ክቈጻጸር ይደሊ ኣሎ” ኢሎም። ናይ ሃይማኖት ሰባት ከም ዘይመንግስታዊ ትካላት ከምዝቕጸሩ ውን ኣብ ዝሃብዎ መግለጺ ኣብሪሆም። ኣብ ኤርትራ፡ ወጻእተኛታት ክበጽሕዎምን ክኣትውዎምን ዘይፍቀደሎም ቦታታት ከምዘለዉ ውን ኣቃሊዖም።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቕምቲ 2007፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ንካቶሊክ ቤተ-ክርስትያን ኩሉ ትካላታ ማለት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሕክምናታት፡ መሬትን ካልእ ንብረትን ንመንግስቲ ከተረክብ ሓቲቱ ምንባሩ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከቡ ምንጪታትና ክሕብሩ ጸኒሖም ኢዮም። ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን ግን፡ እቲ ስርዓት እንተደልዩ ብሓይሉ ክወስዶ እንተዘይኰይኑ፡ ንብረት ህዝብን ንብረት እግዚኣብሄርን ብፍቓዶም ከረክቡ ድልዋት ከምዘይኰኑ ስለዝገለጽሉ፡ “ትኽስ ድሙስ መዘንግዕ ኣንጭዋ” ከምዝበሃል፡ ንቀሩብ መዓልታት ኣስቒጦ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ነቲ ቅድም ክብል ጠኒኡዎ ዝጸንሐ ውዲት ብኻልእ ኣገባብን ብኻልእ መልክዕን ንምፍጻም ነቶም ንብዙሕ ዓመታት ዘገልገሉ ሚስዮናውያን ብምብራር ንእከይ መደቡ ኣብ ተግባር ንምውዓል ተበጊሱ እንሆ። እዚ ናይ ምብራር ስጕምቲ'ዚ መጀመርታ ደኣ'ምበር፡ ናይ መወዳእታ ከኸውን ከምዘይኰነ ፍሉጥ ኢዩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ በቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ንኣሽቱ ሃይማኖታት ጆሆቫን ጴንጤን ክፍጸም ዝጸንሐ ግፍዕታት ኣብኦም ጥራሕ ተወሲኑ ከምዘይተርፍን፤ ይንዋሕ ይሕጸር፡ ኣብ ልዕሊ'ተን ካልኦት

ሃይማኖታት ውን ክፍጸም ምኽኣኑ ደጋጊሙ ክገልጸ ዝጸንሐ ሓቂ ኢዩ። ነዊሕ ከይከደ ድማ፡ ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጕዳያት ናይ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስትያን ኢዱ ብምእታው፡ ፓትርያርክ ክሸይምን ክስዕርን ተራእዩ። ሕጂ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስታያን ጨካን ወስታታቱ ክስንዝር ይርአ ኣሎ

ብዓይኒ ሰበ-ስልጣን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዝኾነ ይኹን ውዱብ ኣካል ወይ ትካል፥ ዝኾነ ይኹን ካብኦም ንላዕሊ ሃብቲ ዘለዎ ዜጋ ከም ጸጥታዊ ስግኣት ስለዝውሰድ፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ኣደዳ ግፍዕታቶም ካብ ምኳን ክምልጥ ከምዘይኽእል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ደጋጊሙ ክዛረበሉ ዝጸንሐ ጕዳይ ኢዩ። ስለ'ዚ ድማ ኢዩም፡ ብዙሓት ናይ ረዲኤትን ዘይመንግስታውያን ትካላት ካብ ኤርትራ ክባረሩ ዝጸንሑ፤ ስለ'ዚ ድማ'ዩም ብዙሓት ነጋዶ፡ ስሱዓት ተባሂሎም ናይ ንግዲ ፍቓዶም ክግደፉ ዝጸንሑ፤ ስለ'ዚ ድማ'ዩም ብዙሓት ተቓወምቲ፡ ገለ ብኽድዓት፡ ገለ ድማ ብጅሃድ ወይ ብጆብሃ ወዘተ ተኸሲሶም ኣብ ማእሰርቲ ዝበልዩ ዘለዉ።